National Institute for Public Health
and the Environment
*Ministry of Health, Welfare and Sport*

# ንውላድኩም ካብ ቫይረስ-RS ተኸላኸሉ

ሃገራዊ መደብ ክታበት



# ምክልኻል ኣንጻር ቫይረስ-RS

**ካብ 1 ሚያዝያ 2025 ንደሓር ዝተወልዱ ህጻናት፣ ኣንጻር ቫይረስ-RS ክታበት ክወስዱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ክታበት እዚ፣ ንውላድኩም ብሰንኪ ቫይረስ-RS ካብ ዝስዕብ ከቢድ ሕማም ይከላኸለሉ። ህጻናት ነቲ ክታበት ኣብ ሰለፎም ይወስዱ።**

ነፍስወከፍ ዓመት ካብ 1,500 ክሳብ 3,000 ዝኾኑ ህጻናት፣ ብሰንኪ ቫይረስ-RS ናብ ሆስፒታል ኣብ ምእታው ይበጽሑ።

## ቫይረስ-RS

ቫይረስ-RS ረኽሲ ስርዓተ-ምስትንፋስ የስዕብ። ብሰንኩ ድማ ህጻናት ብኸቢድ ክሓሙ ይኽእሉ። ንኣብነት ሕጽረት ምስትንፋስ ክገብረሎም ይኽእል፣ ወይ ነድሪ ሳንቡእ ከጋጥሞም ይኽእል። እቲ ህጻን ብዕድመ ብዝነኣሰ መጠን፣ ብሰንኪ ቫይረስ-RS ብኸቢድ ናይ ምሕማም ሓደጋኡ ዝዓበየ እዩ።

## ጽቡቕ መከላኸሊ

እቲ ናይ ቫይረስ-RS ክታበት፣ ጽቡቕን ቅልጡፍን መከላኸሊ እዩ ዝህብ። ኣብ ከም በዓል ቤልጅዩምን ፈረንሳን ዝኣመሰላ ገሊኣን ሃገራት ኤውሮጳ ህጻናት ድሮ ነቲ ክታበት ይወስዱ እዮም። ስለዚ ድማ ኣብኡ ብሰንኪ ቫይረስ-RS ናብ ሆስፒታል ኣብ ምእታው ዝበጽሑ ህጻናት ብ80% ይንኪ።

## ጎድናዊ ሳዕቤናት?

ህጻናት ካብቲ ክታበት ጎድናዊ ሳዕቤናት ዳርጋ ኣየጋጥሞምን እዩ። ኣዝዩ ሳሕቲ፣ እቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ንሓጺር እዋን ቀይሕ ክኸውን ወይ ክሓብጥ ይኽእል፣ ወይ ድማ ንህጻናት ዕንፍሩር ክገብረሎም ይኽእል።

## እቲ ክታበት ብኸመይ ይሰርሕ?

እቲ ኣንጻር ቫይረስ-RS ዝወሃብ መርፍእ ንቡር ክታበት ዘይኮነስ ጸረ ዳና ኣካላት ዘለዎ መርፍእ እዩ። እዚ ብዝተፈልየ ኣገባብ እዩ ዝሰርሕ። ኣብ ንቡር ክታበት፣ ኣካልና ናይ ባዕሉ ጸረ ዳና ኣካላት ከፍሪ ኣለዎ። እዚ ድማ ጎድናዊ ሳዕቤናት ከስዕብ ይኽእል። እቲ መርፍእ ጸረ ዳና ኣካላት ዝሓዘ ምስ ዝኸውን ግን፣ ኣካልና ደጊም ነዚ ባዕሉ ከፍርዮ ኣየድልዮን እዩ። ስለዚ ድማ ጎድናዊ ሳዕቤናት ዳርጋ ፈጺሙ የለን።

## ኣብ ቅኑዕ ወቕቲ ምክልኻል

እቲ ክታበት ንኣስታት ሽዱሽተ ኣዋርሕ ይከላኸል። ቫይረስ-RS ዝያዳ ኣብ ጽድያን ሓጋይን ማለት እዋን ቁሪ እዩ ዝዝርጋሕ። ስለዚ ውላድኩም ዝተወልደሉ ወቕቲ እዩ፣ ውላድኩም መዓስ ክታበት ከም ዝወስድ ዝውስን። ብኸምዚ ኣገባብ ድማ ውላድኩም ኣብቲ ቅኑዕ ወቕቲ ምክልኻል ይረክብ።

## ክንደይ ግዜ?

ውላድኩም ነቲ ክታበት 1 ግዜ ክወስድ እዩ፣ ከምኡ እውን ኣብታ ቀዳመይቲ ዓመት ህይወቱ ጥራይ።

## ብዝተኻእለ መጠን ብዝቀልጠፈ

እቶም ብዕድመ ዝነኣሱ ህጻናት ብሰንኪ ቫይረስ-RS ንዝመጽእ ከቢድ ሕማም ዝያዳ ተቓላዕቲ እዮም። ስለዚ ድማ እዮም ኣብ ጽድያን ሓጋይን ዝውለዱ ህጻናት ድሕሪ ምውላዶም ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፎም ክታበት ዝወስዱ። ብኸምዚ ኣገባብ፣ እቲ ቫይረስ-RS ዝበዝሐ ኣብ ዝስፋሕፍሓሉ እዋን ውላድኩም ምክልኻል ይረክብ። ከምኡ እውን ነቲ ‘ውላድኩም መዓስ እዩ ክታበት ክወስድ?’ ዝብል ሰሌዳ ተመልከቱ።


## ውላድኩም መዓስ እዩ ክታበት ክወስድ?

ካብ ወርሒ ጥቅምቲ ክሳብ መጋቢት ዝውለዱ ህጻናት፣ ድሕሪ ምውላዶም ኣብ ውሽጢ 2 ሳምንታት ክታበት ክወስዱ እዮም።




**ቆጸራ?**
ማእከል ጥዕና ህጻናት ቆጸራ ንምሓዝ ክረኽበኩም እዩ።

ካብ ሚያዝያ ክሳብ መስከረም ዝተወልዱ ህጻናት፣ ነቲ ክታበት ኣብ ወርሒ መስከረም ወይ ጥቅምቲ ክወስዱ እዮም።




**ቆጸራ?**
ብዛዕባ እቲ ቆጸራ ሓበሬታ ዝሓዘ ደብዳቤ ክመጸኩም እዩ።

Published by:

**National Institute for Public Health**
**and the Environment, RIVM**
P.O. Box 1 | 3720 BA Bilthoven
The Netherlands
www.rivm.nl/en

June 2025

Committed to health and sustainability

016398